# ይገርመና ኣሎ።

ብ ኣብርሃም ለኣከማርያም

ይገርመና ኣሎ እንሰምዖ ወረ
ቆሎ ጥጥቖ ዘየብሉ ፍረ
በለካ ለኸዐካ ፅዋ ኣሜሪካ
ተሓላቒ ሃገር ባሕሪ ተሳጊርካ
ዘርኣዊነት መሰረቱ ሕማኞ ፖሎቲካ
ኣብ ክንዲ ሰላም ጦርነት ዝብህጉ
ሓው ንሓው ኣናቑቶም ሰላምና ክዘርጉ
ለይትን ቀትርን ሁውከት ኮይኑ ሕልሞም
እነትርፌ ጃህራ ቁም ነገር ዘየብሎም
ናይ ወረ መሃንዲሳት ኣናብስ ወረቀት
ኩሉ ጊዜ ፀርፊ ኩሉ ጊዜ ኣውያት።

ይገርመና ኣሎ  እንሪኦ ኹሉ
ንስምየም ኣሎና ዘይተብሃለ ክብሉ።

እንቃዓ ሓሶት ምእማኑ ዘሸግር
ሓደስቲ ፈሪሳውያን ሰበኽቲ ዕግርግር
ኣሉ ቀጣን  ኢሎም  ንዓና ከእምኑ
ናይ ትማሊ ረሲየም ሓዱሽ ይውጥኑ
ዘይነፅፍ ቀለም  ዘይውዳእ ወረቐት
ዓዘር ቆዘር ፀሑፍ መወዳእትኡ ሓሶት።

ይገርመና  ኣሎ እንሰምዖ ወረ
ልቢ ወለድ ታሪኽ ፍፁም ዘይተገብረ።

ቁም ነገር ክዓዩ ዘይተዓደሉ
እንተ ንሓሶት ሓዲሮም  ይውዕሉ
ትማሊ ዝበሉዎ ሎሚ ዘይደግሙ
ነገር እንትኸርር ቅድሚ ሰብ ዝሃድሙ
ዓቐብ ዘይኽእሉ  ኣብ ሜዳ ዘዒሙ
እንትጃሃሩ እዝኒ ሰብ የፅምሙ።

**ይገርመና ኣሎ እንሰምዓ ፅዋ**
**ንዓይ ብሎቓታ በለት ኣንጭዋ**
**መሲሉዎም ድዩ ኣእማን ብሓባብሽቱ**
**ሱቕ ኢሉ ዝርኢ ዓይኑ ተዓሚቱ**
**ኣይትጋገዩ ከይተምፅኡ ኣበሳ**
**ኣይትተናኸፉ ዝደቀሰ ኣንበሳ**
**ፀፀቱ ከቢድ እዩ ዘይወፅእ ጣዕሳ**
**ምእንተ ሰላም ምእንተ ሓድነት**
**ምእንተ ምዕባለ ህዝባዊ ሓልዮት**
**ሰላም እዩ ሕልሙ ኣብ ክንዲ ጦርነት።**